# Lillehammer Kulturskole

## ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ (Kulturskole) ንኸሉ

ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንኹሎም ብዛዕባ ስነ-ጥበብን ባህልን ዝያዳ ክመሃሩ ዝደልዩ ቆልዑን መንእሰያትን ክመሃሩሉን ንጥፈታት ከካይዱሉ ዝኽእሉሉን ዕድል እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩዎ ዝኽእሉ ድማ ሳዕስዒት፡ምድራፍ፡ መሳርሒታት ሙዚቃ ምጽዋት፡ ምጽሓፍ፡ ትያትር/ተውስኦ ምስራሕ፡ ምስኣል፡ ስነ-ቅርጺ ወይ ፊልምታት ምድላው እዩ። ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ዝኸዱ ብዙሓት ቆልዑን መንእሰያትን ሓደስቲ መሓዙት ይረኽቡ፡ ከምኡ'ውን ምስ ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ማሕብረተሰብኣዊ ርክብ የስተማቕሩ።

ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ብቑዓትን ሰብ ሞያ ዝኾኑ መምሃራን እዮም ዘለዉ። ተማሃሮ ምስ ካልኦት ቆልዑን መንእሰያትን ብጉጅለታት ክመሃሩ ወይ ድማ በብውልቆም ክመሃሩ ይኽእሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ምፍዳስ ቤት-ትምህርቲ ዘሎ ግዜ እዩ እቲ ስልጠና ዝካየድ።

### ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክሳተፉ ዝኽእሉ መን እዮም፧

ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስነ-ጥበብ ንጀማሮ ኮነ ንገዳይም ስልጠና ይህብ እዩ። ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ኣባጽሕ'ውን ክኣትዉ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም።

### ክንደይ እዩ ዝኽፈሎ፧

ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንኽትመሃር ገንዘብ ይሓትት እዩ። ብዝጎደለ ዋጋ ወይ ብነጻ ትምህርቲ ዝህባ ገለ ምምሕዳራት/ኮሙነታት ኣለዋ። ብዙሓት ባህላዊ ቤት-ትምህርቲታት መሳርሒታት የለቅሓ እየን። ብዛዕባ ወጻኢታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ን

Anne Mette Mauseth, inspektør 611 05 302/916 97 430 e-post: anne.mette.mauseth@lillehammer.kommune.no

Eivind Nåvik, rektor 611 05 319/913 53 909 e-post: eivind.navik@lillehammer.kommune.no ተወከሱ።

### ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ከመይ ጌርካ ኢኻ ተመልክት፧

ንስኻ ወይ ውላድካ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ከተመልክቱ እንተደሊኹም ን

Anne Mette Mauseth, inspektør 611 05 302/916 97 430 e-post: anne.mette.mauseth@lillehammer.kommune.no

Eivind Nåvik, rektor 611 05 319/913 53 909 e-post: eivind.navik@lillehammer.kommune.no

eller: https://nolillehammer.speedadmin.dk/tilmelding#/ ተወከሱ

ብዛዕባ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ እንተደኣ ደሊኻ ን

**Eivind Nåvik, rektor 913 53 909 eller Anne Mette Mauseth, inspektør 91697430**

ተወከሱዎም ወይ ድማ ኣብዚ
https://www.lillehammer.kommune.no/kulturskole.410048.no.html ብምእታው ዝያዳ ኣንብቡ።